**Hallo
Basel-Stadt**

Kanton Basel-Stadt

# ናይ ህጹጽ ሓደጋ መወከሲን ናይ ምኽሪ ትካላትን

ናይ ህጹጽ ሓደጋ መደወሊ ቁጽርታት
ናይ ምኽሪ ትካላት

# ናይ ህጹጽ ሓደጋ መደወሊ ቁጽርታት

ናይ ሃንደበት ሓደጋ መደወሊ ቁጽሪ ኩሉ ግዜ 24 ሰዓታት ክፉት ኢዩ። ሓጺር ቁጽሪ ተለፎን( 3 ቁጽሪ) ኩሉ ግዜ ብነጻ ይድወሎ። ንካልእ ቁጽርታት ከም ሕጊ መሰረት ልሙድ ታሪፍ ክፍሊት ይኸፍል።

## ሓፈሻዊ ናይ ህጹጽ ምድዋል: 112

በዚ ናይ ህጹጽ ሓደጋ መደወሊ ቁጽሪዚ ናይ ፖሊስ ማእከል:የራኽብ። ከከም ኩነታት ሓድጋ:ፖሊስ ከኣ ንዝምልከተን ጨናፍር ይሕብር( ንእብነት: ናይ መጥፋእቲ ሓዊ)

## ፖሊስ: 117

በዚ ናይ ህጹጽ ሓደጋ መደወሊ ቁጽሪዚ ናይ ፖሊስ ማእከል:የራኽብ።

## ምክልኻል ባርዕ ሓዊ: 118

በዚ ናይ ህጹጽ ሓደጋ መደወሊ ቁጽሪዚ ናይ መጥፋእቲ ሓዊ ሰራሕተኛታት ማእከል የራኽብ።

## ቀዳማይ ረድኤት / ናይ ረዲኤት ኣገልግሎት: 144

በዚ ቁጽሪዚ: ናይ ቀዳማይ ረዲኤት ሰራሕተኛታት መእከል የራኽብ። ናይ መደወሊ ቁጽሪ 144 ህጹጽ ሓገዝን ናይ ሕክምና መኪና/ኣምቡላንስ ትጠልበሉ ኮይኑ: እቲ ኩነታት ኣስጋኢን ክትግምቶ ዘጸግምን ምስዝኸውን ኢዩ። ( ንኣብነት: ኣብ ዓቢ ሓደጋ):: ናይ መድሃኒት ሓገዝ ኣብ ዘድልየሉ ግዜ: ናብ ናይ ገዛ ሓኪም ብቅዳምነት ምውካስ የድሊ። ካብቲ ናይ ሓፈሻዊ ሓካይም ናይ ስራሕ ሰዓታት ወጻኢ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ዘየስግእ ኩነታት ናብ ማእከል ህጹጽ ጸውዒት ሕክምና (Medizinische Notrufzentrale, MNZ) ብስልኪ ቁጽሪ 061 261 15 15 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብኡ ሕክምናዊ ምኽሪ ክትረኽቡን ናብቲ ቅኑዕን ዝቐረበን ቦታ (ዶክተር፡ ሆስፒታል) ክትመሓላለፉ ኢኹም። ባዕልኻ ናብ መደበር ህጹጽ ረድኤት (ሆስፒታል/ህጹጽ ልምምድ) ምብጻሕ እውን ይከኣል እዩ።

## ፋርማሲ ህጹጽ ኩነታት፡- 061 263 75 75

ኣብ Basel-Stadt ዝርከብ ናይ ህጹጽ ፋርማሲ (Notfallapotheke) በዚ ቁጽሪ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ Petersgraben 3 ዝርከብ ናይ ህጹጽ እዋን ፋርማሲ ኩሉ ግዜ ለይትን ኣብ ሰሙን ዕረፍቲን ክፉት ስለዝኾነ ኣብ ህጹጽ እዋን መድሃኒት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ናይ ህጹጽ ሓኪም ምድዋል: 061 261 15 15

ሓደጋ ስኒ ምስ ዘጋጥም ብቐልጡፍ ናብ ሓኪም ስኒኻ ደውል። ካብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ወጻኢ፡ ናብ ማእከል ህጹጽ ጸውዒት ሕክምና (MNZ) ብ 061 261 15 15 ተወከሱ። እዚ ቁጽሪ እዚ ኣብ ካንቶን Basel-Stadt ኣየናይ ሓኪም ስኒ ህጹጽ ኣገልግሎት ከም ዘለዎ ይሕብረካ።

## ምምራዝ: ናይ ህጹጽ መድዋል: 145

ሓደ ሰብ ብመርዚ ምስዝምረዝ: ወይ ዝተበከለ ኮይኑ ምስዝስምዖ: በዚ ቁጽሪዚ ናይ ሓኪም ወይ ክኢላ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል። ነዚ ምምራዝ ወይ ምብካል ዝምልከት እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ይሕብሩን ይሕግዙን። ንሂወት ኣስጋኢ ኣብ ዝኾነሉ ኣጋጣሚ ግን ቀልጢፍካ: 144 ምድዋል የድሊ። ኣብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ብዛዕባ ምምራዝ/ምብካል ብዙሕ ሓበሬታ ይርከብ።

## ምኽሪ ንዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ: 143

"ቁጽሪ ተለፎን143" (ዝተቐረበ ኢድ , Dargebotene Hand) ንብዛዕባ ጸገሞም: እንታይነቱ ብዘየገድስ: ምስ ዝኾነ ሰብ ክዘራረቡን ክመያየጡን ዝደልዩ ሰባት (ብጀርመንኛ: ብፈረንሳይ: ብጣልያንኛን እንግሊዝኛን) የገልግል። ሰብ ኣብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኩነታትን: ኣብ ግዜ ሻቕሎትን ናብዚ ቁጽሪ ደዊሉ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል። ኢ. ኣብዚ ዝግበር ዝርርብ: ብምስጢር ብምትእምማንን: ብዝኾነ ዛዕባን ኢዩ። ከከም ኣድላይነቱ ከኣ ሰብ ንዕኡ ዝሰማማዕ ምኽሪን ሓበሬታን ይወሃቦ። ነዚ ዝምልከት ዝርርብ ብተለፎን: ብመይል/መልእኽቲ ወይ ብ SMS ብቻት ክግበር ይከኣል።

## ምኽሪ ንቆልዑት / መንእሰያት: 147

ቁጽሪ ተለፎን 147 ንቆልዑትን መንእሰያትን: ዝተፈላለየ ዓይነት ጸገማቶም: ምስ ዝምልከቶም ክኢላታት ክዛረብሉ( ብጀርመን: ፈረንሳይ ወይ ጣልያን) ዘኽእል ኢዩ። ኣብ ናይ ኣዝዩ ሽግር ወይ ኣጸጋሚ ኩነታት በዚ ክድወል ይከኣል። በዚ ቁጽሪ ክኢላታት 24 ሰዓታት ክርከቡ ይከኣል። እቲ ዝግበር ዝርርብ ብእምነትን: ብምስጢር ዝተሓዝን ኢዩ። እቲ ዝርርብ ተሌፎን ነጻ እዩ ከምኡ ድማ ኣብቲ ጸብጻብ ተሌፎን ኣይክመጽእን እዩ። ነዚ ዝምልከት ዝርርብ ብተለፎን: ብመይል/መልእኽቲ ወይ ብ SMS ብቻት ክግበር ይከእል።

## ናይ ወለዲ ናይ ህጹጽ ምድዋል: 0848 35 45 55

ናይ ወለዲ ህጹጽ መደወሊ ቁጽሪ (Elternnotruf) : ክኢላታት ንወለዲ ወይ ካልኦት ሰባት: ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቆልዑት ዝምልከት ሕቶታት ዝምልስሉ ኢዩ። ኣብዚ ወለዲ ኣብ ልዕሊ ደቆም ካብ መጠን ንላዕሊ ጸቕጢ ወይ ልዕሊ ዓቕሞም ዝእዝዝዎም ዘለዉ ኮይኑ ምስዝስምዖም ወይ ካብ ካልኦት ቆልዑት ዝተሓቱ ምስዝመስልዎም: ንክኢላታት ይውከሱ። ኣብዚ ቁጽሪ ሰብ ገለ ቆልዑት ግዳያት ናይ ስነ-ኣእምሮእዊ ጸቕጢ ወይ ኣካልዊ ጸቕጢ ኮይኖም ዘለዉ ኮይኑ ምስዝስምዖ ክውከስ ይከኣል። እቲ ዝግበር ዝርርብ ብእምነትን: ብምስጢር ዝተሓዝን ኢዩ። ነዚ ዝምልከት ዝርርብ ብተለፎን: ብመይል/መልእኽቲ። ንመድሃኒት ዝምልከት ጉዳይ እዚ ቁጽሪ ዝኾነ ሓበሬታ የብሉን።

## ኣብ ገዛ ዝፍጸም ጎነጽ / ግጭት ( ደቀንስትዮ)፡- 061 681 66 33

ናይ ደቀንስትዮ መዕቆቢ ገዛ (Frauenhaus) ባይደር ባሰል: ንካብ ገዝኦ ብሰንኪ ጎነጽ ወይ ግጭት ዝወጽኣ ደቀንስትዮ 24 ሰዓታት ምሉእ: ናይ ምኽሪን ሓገዝን ኣገልግሎት ይህብ። መቕርብን ክኢላታትን ኣብዚ ክውከሱ ይከኣል። እቲ ዝግበር ዝርርብ: ናይ ምትእምማንን ኣብ ዝደላኻዮን ይካየድ። ኣብዚ ክትውከስ ምስትደሊ: መልእኽቲ ብምጽሓፍ ክኽውን ይከኣል። ንኣብ ገዛ ዘጋጥም ግጭትን ጎነጽን ዝምልከት: ብዛዕባ ግዳያት ዝኾኑ ሰብኡትውን: መወከሲ ሓበሬታን: ቀጻሊ መስርሕን ኣብ ምዕራፍ <u>ዜበታዊ ዓመጽ</u> (Häusliche Gewalt) ኣብ hallo-baselstadt.ch ምውካስ ይከኣል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/emergencies-and-counselling-services/emergency-numbers

# ናይ ምኽሪ ትካላት

ኣብ ካንቶን Basel-Stadt ዝተፈላለዩ ናይ ምኽሪ ማእከላት ኣለዋ። ገለ ኣብያተ ጽሕፈት ኣብ ሓፈሻዊ ሕቶታት ክመኽሩኹም እዮም። ካልኦት ኣካላት ኣብ ፍሉይ ኣርእስታት ክመኽሩኻ እዮም። እቲ ቀዳማይ ምምኽኻር መብዛሕትኡ ግዜ ብነጻ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ንተወሳኺ ምምኽኻር ዝኾነ ነገር ክትከፍል ኣየድልየካን እዩ። ኣብ ገሊኡ ቦታታት ብሓያሎ ቛንቋታት ምኽሪ ይርከብ እዩ።

## ሓፈሻዊ ናይ ምኽሪ ትካላት

ማእከላይ ጨንፈር ምኽሪ ንስደተኛታት

- GGG Migration
  ሰራሕተኛታት GGG Migration ምስ መዓልታዊ ህይወት ስዊዘርላንድ ዝተኣሳሰሩ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ብዝምልከት ሕቶታት ብ14 ቋንቋታት ይምልሱ። ምናልባት ናይ ጀርመን ኮርስ ወይ ንውህደት ዝኸውን ዕድል ትደሊ ትኸውን። ሰራሕተኛታት GGG Migration እውን ኣብዚ ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም። ምምኽኻር ብተሌፎን ወይ ብኣካል እዩ። ኣቐዲምካ ምምዝጋብ ዘበለጸ እዩ። ዋላ ሓንቲ ክትከፍል ኣየድልየካን እዩ።

ሓበሬታ ብዛዕባ ሕጊ ዑቕባን ሕጊ ኢሚግሬሽንን፧

- BAS Beratungsstelle
- Freiplatzaktion

ካልኦት ማእከላት ምኽሪ

- ካብዚ ንላዕሊ ሓፈሻዊ ምኽሪ ክትረኽበሎም እትኽእል ናይ ምኽሪ ማእከላት ኣለዉ። ገለ ኣብያተ ጽሕፈት እውን ካብ ጀርመን ወጻኢ ብኻልእ ቋንቋ ክመኽሩኻ እዮም።
- ኣብ ማሕበራት ስደት ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብቛንቋኻ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ካንቶን ምምሕዳር / ናይ ከተማ ምምሕዳር

መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መንበሪ ቦታኻ ዘለዉ ሰበስልጣን እውን ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም፣ ንኣብነት ምምሕዳር ካንቶን ወይ ምምሕዳር ኮሙን። እቶም ሰራሕተኛታት ንሕቶታትኩም ክምልሱ ይኽእሉ ይኾኑ። ወይ ድማ ኣየናይ ማእከል ምኽሪ ክሕግዘካ ከም ዝኽእል ክነግሩኻ ይኽእሉ። ቁጽሪ ተሌፎን፡ ኣድራሻ ኢ-መይል፡ ናይ ምኽፋት ሰዓታትን ካልእ ሓበሬታን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሰበስልጣን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ፍሉይ ሞያዊ ክእለት ዘለዎም ናይ ምኽሪ ማእከላት

ኣብ ዞባ Basel ብዙሓት ናይ ምኽሪ ማእከላት ኣለዋ ኣብ ሓደ ፍሉይ ኣርእስቲ ዝምዕዳኻ። ንኣብነት፡ ዕድመ፡ ስራሕ፡ መንበሪ፡ ትምህርቲ፡ ሓዳር/ፍትሕ፡ ኣተዓባብያ፡ ስድራቤት፡ ፋይናንስ (ዕዳ/ባጀት)፡ ጥዕና፡ ዘቤታዊ ዓመጽ፡ ውህደት፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት፡ ምእላይ ዕሽላት፡ ጥንሲ፡ ጾታዊ ርክብ፡ ወልፊ፡ ማሕበራዊ ጉዳያት። መብዛሕትኡ ግዜ ንመጀመርታ ምኽሪ ክትከፍል ኣየድልየካን እዩ። ዝርዝር ርክብ ናይ ገለ ማእከላት ምኽሪ ኣብ ትሕቲ ዝምጥን ኣርእስታት ኣብ "Hallo Basel-Stadt" ክትረኽብዎ ኢኹም። ወይ ድማ ንማእከል ሓበሬታን ምኽርን GGG Migration ሕተቱ። እቶም ሰራሕተኛታት ሓያሎ ቋንቋታት ዝዛረቡ ኮይኖም ብዛዕባ ምቹእ ናይ ምምኽኻር ቅድመ-ምድላዋት ክሕብሩኹም እዮም።
ገና ጀርመንኛ ጽቡቕ ጌርካ ኣይትዛረብን ኢኻ? ሽዑ ኣብቲ ናይ ምኽሪ ማእከል ሓንቲ ኣስተርጓሚት ወይ ሓደ ኣስተርጓሚ ከድልየካ ይኽእል እዩ። ቅድሚ ናብኡ ምኻድካ ናብ ማእከል ምኽሪ ሕተት። ገለ ማእከላት ምኽሪ ብኻልእ ቋንቋታት ክመኽሩኻ ይኽእሉ እዮም። ወይ ድማ እተን ትካላት ንዓኻ ዝትርጉመልካ ሰብ ክውድባ ይኽእላ እየን። ሓደ ሰብ ምሳኻ ሒዝካ ክትርጉመካ እውን ከድልየካ ይኽእል እዩ።

## ዓሌታዊ ምፍልላይ

**ኣድልዎ ወይ ዓሌትነት ኣጋጢሙካ ድዩ? ወይስ ኣድልዎ ወይ ዓሌትነት ተዓዚብኩም ዲኹም? ክትረኽብዎም እትኽእሉ ቦታታት ኣለዉ፤**

- "STOPP Rassismus" ንካንቶናት Basel-Stadtን Basel-Landschaftን ዝኸውን ማእከል ምኽሪ እዩ። እቲ ምምኽኻር ብነጻን ምስጢራዊን እዩ። ክትድውሉ፡ ብኣካል ክትበጽሑ ወይ ድማ ብኢንተርነት ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- "Netzwerk Antirassismus" (መርበብ ጸረ ዓሌትነት) ዓሌትነት ወይ ኣድልዎ እንተ ኣጋጢሙካ ይድግፈካ።
- "Stiftung GRA" (ትካል-ረድኤት GRA) ብዛዕባ ጸረ ሴማውያን ኣድልዎ ይመኽረካ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/emergencies-and-counselling-services/counselling-services